መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ወዲ ንጉስ ጓሳ ኾነ

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ E. Frischbutter; Sarah S.

ተርጓሚ፡- ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣


ሓደ መዓልቲ ሙሴ ሓደ ግብጻዊ
ንሓደ እብራዊ ባርያ ኪሃርሞ
ረአየ። ሽሕ እኳ ሙሴ ኣብ
ቤት ንጉስ ፈርኦን ከም ወዲ
ንጉስን ምሁሩን ኮይኑ
ተዓበየ፡ ካብ
እብራውያን
ቤተሰብ እዩ ግና
ዝነበረ።
ነቲ ባርያ ክሕግዞ ኔርዎ።

ኣብ ከባቢኡ ዝከታተሎ ሰብ ከምዘየለ ምስ ኣረጋገጸ ድማ፡ ሙሴ ነቲ ግብጻዊ ወቅዖ። እንዳተባእሱ ከለዉ ድማ ሙሴ ነቲ ግብጻዊ ቀተሎ። ብቅልጡፍ ድማ ነቲ ስግኡ ቀበሮ።



ብድሕሪኡ ዝነበረ መዓልቲ ፡ ሙሴ ክልተ እብራውያን ኪብኣሱ ረኣየ። ደው ክብሎም ድማ ፈተነ፡፡ ሓደ ካብኣቶም ግና " ከምቲ ንግብጻዊ ዝቀተልካዮ ንዓይ ውን ዶ ክትቀትለኒ ደሊካ በሎ" ። ሙሴ ድማ ኣዚዩ ፈርሐ። ብዝዕባ ዝገበርኩዎ ኩሉ ሰብ ፈሊጡ ማለት እዩ። ፈርኦን ፈሊጡ።



ስለዚ ሙሴ ክሃድም ኣለዎ። ናብ ሜድያን ትብሃል ዓዲ ድማ ሃደመ።

ሙሴ ኣብ ሓደ ዒላ የዕሪፉ ከሎ ድማ፡ ሸውዓተ ኣዋልድ ደቂ ንጉስ መድያን ናይ ኣቡኣን ኣባጊዕ ከስትያ ነታ ዒላ ከበብኣ።



ካልእ ጓሳ ድማ  ካብኡ ክኣልየን ደፍአን። ሙሴ ግና ነተን ኣዋልድ ተኸላኸለለን ሓገዘንን።




"ሎሚ ቀልጢፍክን መጺክን" ራጉኤል ኣቦ እተን ኣዋልድ ተደነቀ። ደቁ ኩሉ እቲ ዝኾነ ምስ ነገርኦ ግና ነቲ ወዲ ጻዕዖ በለን። ሙሴ ድማ ምስ ራጉኤል ወይ ድማ የትሮ ዝጽዋዕ ሰብኣይ ተቀመጠ።
ጸኒሑ ድማ ምስ ንየትሮ ዓባይ ጓሉ ተመርዓወ።



ብድሕሪት ኣብ ግብጺ፡ ግና ፈርኦን ሞተ። እቶም እብራውያን ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ግን ሕጂ ውን ባርያ ኮይኖም ነበሩ። ካብ ሽግሮም ብከመይ

ክወጹ

እዮም! ንእግዚኣብሄር ይሓቱ ኔሮም! እግዚኣብሄር ድማ ንድምጾም ሰምዖ፡



ሙሴ ኣይፈለጠን፡ እግዚኣብሄር ግና
ንእብራውያን ካብ ባርነቶም ንከውጽኦም
ክጥቀመሉ መደበ። ሙሴ ግብጺ ካብ
ዝገድፎ ኣርብዓ ዓመት ሓለፈ።
ንሱ ናይ ራጉኤል ኣባጊዕ
እዩ ዝጓሲ ዝነበረ።

ኣብ ግብጺ ዘለዉ ቤተሰቡ
ግና ክከስሮም የብሉን።


ሓደ መዓልቲ ሙሴ ትነድድ ቆልቋል
ረኣየ። እቲ ሓዊ ግን ነቲ ቆልቋል ኣየንድዶን
ነበረ። ከመይ ሙኻኑ ክፈልጥ ድማ
ሙሴ ናብኡ ቀረበ።

ሙሴ ምስ ቀረበ ድማ ፡ እግዚኣብሄር ካብ ማእከል እቲ ሓዊ ጸውዖ። "ሙሴ!" "ኣቤት ኣብዚ ኣለኹ!" በለ ሙሴ ድማ። "ናብዚ ገጽካ ኣይትቅረብ" በሎ እግዚኣብሄር። "እዚ ረጊጽካዮ ዘለኻ ስፍራ ቅዱስ እዩ እሞ ሳእንኻ ኣውጽእ" በሎ።



ንህዝበይ ናብ ፈርኦን ከተምጽኦም ናብ ፈርኦን
ክልእኸካ እየ በሎ። ሙሴ ግና ኣዚዩ ፈርሐ።




ብድሕሪ እዚ እግዚኣብሄር ን ሙሴ ዓቢ ሓይሉ
ኣርኣዮ። ንበትሪ ሙሴ ድማ
ናብ ተመን
ለወጦ።

ሙሴ ነቲ ተመን ብጭርኡ ምስ ሓዞ ድማ ናብ በትሪ
ተቀየረ። እግዚኣብሄር
ድማ መሊሱ ካልእ
ምልክት ሃቦ።



"ኢድካ ኣብ ትሸቱሸካ የእትዮ" በሎ፡፡ ኢዱ ድማ ናብ ለምጻም ተቀየረት።



ደጊሙ ምስ ገበሮ ግና ኢዱ ተፈዊሳ ወጸት፡፡



"ኣነ ግን እኮ ተዛሪበ ኣይክእልን እየ" ሙሴ መሊሱ ን እግዚኣብሄር በሎ። እግዚኣብሄር ድማ ተቆጥዐ "ን ኣሮን ሓውኻ ኣብ ክንዳኻ ንክዛረብ ተማልኣዮ" በሎ።



ሙሴ ድማ ናብ የትሮ ተመሊሱ
ኩሉ ንብረቱ ጠርነፈ፡ ናብ
ግብጺ ድማ ከደ።



እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ምስ
ሓዉ ኣሮን ኣብ ሓንቲ ጎቦ
ክራኸቡ መርሖም። ሙሴ
ንኣሮን ኩሉ እቲ እግዚኣብሄር
"ንህዝቡ እብራውያን ካብ
መግዛእቲ ናይ
ግብጻውያን" ሓራ
ንከውጽኦም ከም
ዝልእኾም ነገሮ።



ብሓንሳብ ድማ ነቲ መልእኽቲ
ሒዞም ናብቶም ናይ እብራውያን
መራሕቲ ከዱ። ሙሴ ድማ እቲ
እግዚኣብሄር ዘርኣዮ ተኣምራት
ምስ ኣራኣዮም እግዚኣብሄር
ክሕግዞም ሙኻኑ
ኣመኑ። ሓቢሮም
ድማ ንክብሪ
ኣምላኽ ሰገዱ።



ሙሴን ኣሮንን ድማ ንፈርኦን "እግዚኣብሄር ንህዝበይ ግደፎም ይብለካ ኣሎ" በልዎ። "ኣነ ንእስራኤላውያን ኣይገድፎምን እየ" መለሰ ፈርኦን።



ንእግዚኣብሄር ክእዘዞ ኣይደለየን።

እግዚኣብሄር ናይ ፈርኦን ሓሳብ
ንምቅያር ብርቱዕ ሓይሉ ከርእዮ ኣለዎ፡



እቲ ወዲ ንጉስ ዳሳ ኾነ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘጽኣት 2-5

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኹ።
የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ
ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንስኣን
እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን
ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት
ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ
ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16